<u>**ከም ሃገርን ህዝብን ኣብ ኩሉ ክትክበር !!!**</u>
<u>**ህዝበይ ሃየ ተንስእ ተባራበር !!**</u>
<u>**ነሐሰ 4 - 2018**</u>

<u>**ብተስፋይ ተኽለ ሕ/መ/ኣሜሪካ**</u>

ህዝቢ ኤርትራ ሰላምን ቅሳነትን ዝመልኦ ሂወት ንምርግጋጽ፣ ሰብኣዊ መሰልን ክብሪን ዘረጋገጸት ልኡላዊት ሃገር ንምህናጽ፣ካብ ግዜ ዓደየ ዓደየ ዝተባህለሉ እዋን ኣትሒዙ ክሳብ ለይተ ሎሚ ኡፋየ ኢሉ ትንፋስ ረኺቡ ኣየዕረፈን። እዚ ውሑድ ተባዕ ህዝቢ፣ ግዳ ከኣ ብጸላእቱ ብቐሊሉ ዘይቑርጠም ሐጺን ዓረ፣ ሐሪኑ ምስ ተላዕለ ከኣ ዘይዳነ ጅግና፣ ኣብቲ ጸረ ኢትዮጵያዊ መግዛእታዊ ጎበጣ ዘካየዶ መሪር ናይ ቃልሲ ጉዕዞታቱ ብዙሕ መስተንክር ቅያ ፈጺሙ፣ ሃገሩ ነጻ ከም ዘውጽኤ ዓለምና እትምስክሮ ኢዩ።

ተቓላሳይ ህዝብና ድሕሪ'ቲ ኣህላኺ መግዛታዊ ምርብራብ ብዓወት ምዝዛሙ፣ እንቋዕ ድኣ ደቅና ተዓዊቶም ሐይልታት ጸልማት ተማሒዩ፣ ብርሃን ኮነልና'ምበር፣ ደጊምስ ድምጺ ውግእን ወረ ውግእን፣ ድሃይ ስእነትን ድኽነትን፣ ከቶ ኣይክንሰምዕን ኢና ብምባል ድኣ ተተስፈወ። ህዝብና ነታ ብደም ደቃን ንብዓት ህዝባን ጠጢዓ ዝዓምበበት ውልዶ ነጻነት ክሕብሕባን፣ ንሃገሩ ምስተን ስልጡናት ሃገራት ንኽትስርዓሉ፣ ክንሃንጻ ኢና ብዝብል ሃቀንውታን ባህግን ወሲኹ፣ ካብ ውሽጢን ወጻኢን እንዳወሐዘ ርእሰማሉ ከዋፍር ተሸባሸበ።

እወ ከምዚ ሎሚ ዝኽሪ ታሪኽ ጥራሕ ኮይኑ ከይተረፈ፣ ህዝብና ናይ ነጻነት ጽምኡ ስለዝተበሰረ ሰሙን መመላእታ ኣብ መላእ ገጠር ዓዲታትን ኣብ ገደናታት ኣስመራን ዓለለን ዘለለን። ይኹን'ምበር እቲ ሐበላ ቃልሲ ኤርትራውያን ዝኾነ ኢሳያስ፣ ፈለማ እግሩ ኣስመራ ኣብ ዝረገጸሉ፣ ነታ ዕልልታ ኣሰንያ ዝተቐበለቶ ሐዳስ ሃገር፣ ብሐዲሽ ተስፋ ዝህብ ናይ ሃገራዊ ዕርቅን ስኒትን መጸዋዕታ ክንዲ ዝጅምሮ፣ "ደጊም ናይ ውድባት ሐሸውየ የልቦን" ዝብል ንሕዱር ቅርሕንትን ጽልእን ዘንጸባርቐ፣ ምፍርራህን ምጕብዕባዕን ዝመልኦ ዲስኩር ብምኽንያት መዓልቲ ስዉኣት ብ20 ሰነ 1991 ደርጉሐ።
ነዚ ብምስትብሃል ከኣ እዛ መዓልቲ'ዚኣ ኢሳያስ ብሐቲን ገባቲን ዝኾነ ባህርያቱ ዝገለጸላ፣ ናይ ምልካውነቱ ዘውዲ ዝደፍኣላ ኢያ ብማለት፣ "ቀዳማይ መርድእ ንህዝቢ ኤርትራ" ብዝብል ጽሑፍ ተሪር መጠንቀቕታ ዝሃቡ ደቂ ሃገር ከኣ ሸዑ ነበሩ። ክቱር ሐጎስን ናይ ኋይላን ዳንኬራን ዝዓብለሎ ሰዓታት ብምንባሩ ግን፣ ነዚ መጠንቀቕታ'ዚ ሰብ ግደፍ ከቃልበሉ'ስ ይትረፍ፣ ንዕኡ ዝሰምዕ እዝንን ዘስተማቕር ሸውሃት'ውን ኣይነበሮን። እቲ ሕማቅ ነገር ናይ ህዝብና ከኣ ሐደ ግዜ ሰብ ምስኣመነ፣ ሕሱም ክፍኣትን፣ እከይ መጋብርን ኣብ ልዕሊኡ እንዳተፈጸመ ፣ ዓገብ ኢሉ ድምጹ ዘየስምዕን፣ ዳግመ ርእይቶ ጌሩ ንኽውስን ዝጽገምን ብምኻኑ ኢዩ።

ክቡር ተቓላሳይ ህዝብና ኣቱም ዘይትሕለሉ መንእሰያት ኤርትራና!!

እታ ነቲ ዝተሐላለኸ መሪር ጉዕዞ ዝፈንጠሰት፣ ብመስዋእትን መውጋእትን ናይ ኣሽሐት ደቃ ነጻ ዝወጸት ሃገርኩም፣ ዓይንኹም እንዳረኣኹም እዝንኹም እንዳሰማዕኩም፣ ቆርበት ደቂ ኤርትራ ዝለበሰ፣ ንዓኹም ዝመስል ናትኩም ከኣ ዘይኮነ ኢሳያስ ዝተባህለ ተኹላ፣ ኣብ ጋህ ዝበለ ዕዳጋ ኣውሪዱዋ ኣሎ። ንልዑላውነታ ከም ሃገር ዘድፍር፣ ነቲ ኩሩዕ ህዝባ ከኣ ክብሪ ሚዛኑ ዘዋርድ፣ ሕሱር መደረ ቃላት ብምዝውታር፣ ኣብቲ ንሱ ድዩ መንግስቲ ኣብይ ኣሕመድ ዝገበሮ ግብጃታት ዘርኣዮ ግይጽምይጽን፣ ውርዝና ዝጎደሎ ክቱር ሸብዳዕዳዕን ተዓዚብኩሞ ኣለኹም። ክቡር ወዲ ሃገር!! ነቶም "ከምዚ ማለቱ እንድኣሉ" እንዳበሉ ነቲ መሕፈር ስርሑን ኣዘራርባኡን ከጸባብቕሉ ህርድግ ዝብሉ ሐዲግካ፣ ካብ ምስ ኮነ ትሒም ትሒም ምባልን፣ መኣስ ከምኡ መሲሉና ኢልካ

***ዋይዋይን ትርጉም ኣይክህልዎን ኢዩ’ሞ፣ ንሃገርካ ዘድሕን ተበግሶ ምውሳድ ፍኒሕኒሕ እትብለሉ እዋኑ ሕጂ ኢዩ። እዝኒ ዘለዎ ይስማዕ!! ኣእምሮ ዘለዎ ከኣ ኣርሒቑ ይጠምት።***

***ንመስመር ቀይሕ ባሕሪ ንምቁጽጻር ዝዓለመ፣ ብኣሜሪካን ሃገራት ኤውሮጳን ዝተቐየሰ፣ ብስዑድያን መሓዙታን ከኣ ዝትግበር፣ ሓዲሽ ጂኦ ፖለቲካዊ ቁርቁስ ዝርርብ ካብ ዝጀምር ክልተ ዓመታት ከምዝገበረ ኣምባሳደር ኣሜሪካ ኣብ ኢትዮጵያ ከም ዝሓበረ'ውን ዝዝከር ኢዩ። እዚ መደብ'ዚ ኣብ መጽናዕቱ፣ ንሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ፣ ብፍላይ ከኣ ንኤርትራን ኢትዮጵያን ዘዋፍር ፍሉይ መደብ ሒዙ ዝተበገሰ ምዃኑ ሎሚስ ንኹሉ ጋህዲን ቅሉዕ ሚስጢርን ኮይኑ'ሎ። ስለዚ ህዝበይ ኣስተውዕል!! "ታሪኽ ርእሱ ይደግም" ከምዝተባህለ ሎሚ'ውን ብዋጋኻን ብዋጋ ሃገርካን፣ ስትራተጂካዊ ረብሓን ጠቕሚን ካልኦት ሃገራት ንምርግጋጽ መደብ ተታሒዙልካ ከምዘሎ ተገንዘብ። ንህዝቢ ኤርትራ ኮነ ኢልካ ንምህማል፣ ብፍታሕ ጉዳይ ዶብ ተገዳስነት ዘለዎ ከምስል፣" ምስ ኤርትራ ዝምድና ንምግባር ቅሩባት ኢና ንቖያዲን ናይ መወዳእታን ስምምዕ ውዕሊ ኣልጀሪስ፣ ብዘይ ቅድመ ኩነት ኣብ ግብሪ ከውዕሎዮ ኢና" ዝብል ናይ ኣብይ ኣሕመድ ኣዋጅ፣ ገርሂ ልቢ ዝኾነ ህዝብና ኣብቲ ፈለማ ሰናይ ገበርካ ብምባል ደጊፍዎን ተሓጒሱሉን ኔሩ ኢዩ።***

***እንተኾነ ግን ግዜ እንዳበልዔን ነገር እንዳሃሰሰን ምስ ከደ ፣ ኣዋጅ ኣብይ ኣሕመድ ናይ ኣምሰሉን ንህዝቢ ኤርትራ ከኣ ትኽስ መበሊን ዝተጠቐመሉ ምዃኑ እንዳበርሀ ክመጽእ ድኣ ረኣናዮ። እቲ ሜላዊ ሽጣራ ግዜ ምውሳድን፣ ህዝቢ ኤርትራ ዓቕሉ ጸቢብዎ ስለዘሎ ንዝበልናዮ ክቕበለና ኢዩ ብማለት፣ ናይ ባስ'ባ ናይ ነፋሪት መገዲ ከፊትናዮ ብዝብል፣ እዋናዊ ትያትሮ መስሪሕካ፣ ብዝመቀረ ጥዑም ቋንቋታት ብምስትምቓር ኣረሳስዕ ኣቢልካ፣ ናብቲ ቀንዲ ዘበገሶም ስትራተጂካዊ ረብሐታቶም ዘነጻጸረ ጉዕዞ ክተሐሐዝዎ ምዕዛብና፣ ኩሉ’ቲ ውሕሉል መደረ ኣብይ መዘናግዒ ጸወታ ምንባሩ ጋህዲ ድኣ ኮነ። ነዚ ዘረጋግጾ ብቑዕ ጭብጢ ከኣ ካብቲ ኣብ ዋሺንግቶን ዲሲ ዝተገብረ ሰፊሕ ናይ ኢትዮጵያውያን ኣኼባ፣ ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ባዕሉ ኣብ ዘስመዖ መደረ ንምግንዛቡ ዘጸግም ኣይኮነን። ገለጻ ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ቃል ብቓሉ ከምዘለዎ ንምጥቃሱ ከኣ "ኣብ ኩሉ ዝርርባትና ምስ ፕረሲደንት ኢሳያስ ብዛዕባ ጉዳይ ዶብ ዝምልከት ፈጺምና ኣየልዓልናን ኣይተዘራረብናን. .. ጉዳይ ዶብ ካልኣዊ ቦታ ዝውሃቦ’ምበር ቀዳምነት ዝግብኦ ኣይኮነን" ዝብል ንጹር መልእኽቲ ምሃቡ ኢዩ። ንኤርትራውያን ካብዚ ዝዓቢ ንጹር መልእኽቲ ከኣ የለን። ከመይ ቅድሚ ኩሉ ዘገድሰና እቲ ንልዑላዊ ሃገራዊ ህልውናና ውሕስነት ዝህብ ንጹር ምሕንጻጽ ዶባትና ኢዩ።***

***ካብዚ ሓቂ'ዚ ብምብጋስ ዶክተር ኣብይ መሓመድ ነቲ ፈለማ ብዛዕባ ምሕንጻጽ ዶብ ምትግባር ዝበሎ መብጽዓን መግለጺን ጠንጢኑ፣ ቀንዲ መኣዝን ኣቕጣጭኡ ካልእ ዕላማ ምርግጋጽ ምዃኑስ መን'ከ ድኣ ይስሕቶ? ዶክተር ኣብይ ንኹሎም ኢትዮጵያውያን እንኮላይ ነቶም ቀንዲ ጸላእቲ ነጻነትን ሓርነትን ህዝቢ ኤርትራ ዝኾኑ ንመንግስቱ ሃይለማርያም ከይተረፈ ይኣኻኽብ ኣሎ። ኢሳያስ ከኣ ብኣንጻሩ ንኹሎም ኣብ ነጻነታውን ሓርነታውን እጃም ዝተጻወቱ ኤርትራውያን ከሳጉግን ክቕንጽልን፣ ነንዝተወልደ መንእሰይ ጓልናን ወድናን ተስፋ ኣቑሪጹ ክዘርወናን ክበታትነናን ኢዩ ዝውዕል ዘሎ። ዶክተር ኣብይ ንናቱ ጸላእቱ ከይተረፈ ገዛገዛ ኳሕኲሑ ክጥርንፍ ከሎ፣ ንምልካዊ ኢሳያስ ኣደልዲሉ ንኤርትራ መታን ከድክም ከኣ፣ ድሮ ንተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ምንቅስቓሳተን ክኽልክልን ክግድብን ትእዛዝ ሂቡ ኣብ ግብሪ ከውዕሎ ጀሚሩ ኣሎ። ውሕሉል ቃላትን ብመርዚ ዝተሸፈነ ጥዑም መሃመሊ ስብከትን ኣብይ ኣሕመድ ደጊም ይኣክል። ኣብ መንጎ ኣብይን ኢሳያስን ዝግበር፣ ህዝብና ከኣ ዘይፈልጦን ዘይኣምነሉን ውዕላትን ስምምዓትን ከኣ ፍሩስን ንጹግን ከምዝኾነ፣ ንዝመጽእ ሳዕቤናቱ ከኣ ዶክተር ኣብይ ተጠያቒ ምዃኑ ብኣግኡ ክፈልጥ ይግብኦ።***

ንመላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ክንብሎ እንደሊ፣ ከም ክልተ ጎረባብቲ፣ ታሪኻዊ ምትእስሳር ዘለና አሕዋት አህዛብ መጠን፣ ኣብ ሕድሕድ ምክብባር ዝተሞርኮሰ፣ ንህልውና ልዑላውነት ክልተ ሃገራትና ዝቀባበልን፣ ኣብ ናይ ክልቲኡ አህዛብ ማዕርነታዊ ረብሐታት ዝተሰረተ ሰላማዊ ዝምድናን ምትእስሳርን ንክህሉ መላእ ኤርትራውያን ደገፍቱ ምዃንና ነረጋግጸልኩም። እቲ ንመላእ ህዝብና እንዳ ኣንብዔ ኣብ ትሕቲ ጸላም መግዛእቱን ጭቆናኡን ዘንበረ፣ ንህዝቢ ኤርትራ ዝኸድዔ ኢሳያስ ግን፣ ንኤርትራ ወኪሉ ውዕልታት ክፍጽምን ከፈጽምን ከምዘይክእል ህዝቢ ኤርትራ ኣቐዲሙ የጠንቅቕ። ህዝቢ ኤርትራ ንዝመጽእ ሳዕቤናት ይንአስ ይዕበ ተጠያቒ ከምዘይኮነ ከአ የተሐሳስብ።

ኣንታ ኤርትራዊ ተንስእ ተበራበር!! ከምቲ ሐደ ሰብ ብሐንቲ ሕሻል ፍሕሶ ኣግማል ተር ኣቢሉ ዝመርሐን፣ ብሐደ ኢሳያስ ዝስሕባ ፍሕሶ ሕሻል ተወጢጥካ ምኻድ ይኣክል በል። ነታ ኢሳያስ ዝሐዛ ፍሕሶ ሕሻል በቲኸካ ሐርነትካ ክትእውጅን እምቢ ንምልኪ ኢልካ ክተት ክትብልን እዋኑ ሕጂ ኢዩ። ብሐደ ግለሰብ ኢሳያስ ዝተባህለ ንዘመናት ክትምረንን ክትሕየርን'ከ ኣንታ ንጋዶ'ዶ ኣይኮነን? ከም ህዝቢ መጠን ዘንቀጥቅጥን ዘናውጽን ሐይሊ ምሳኻ ኣብ ኢድካ ከም ዘሎስ ህዝበይ ኣይበጻሕካዮን ኣየላለኻዮን'ዶ ኾን ኲንካ ኢኻ? ደመኛ ጸላኢኻ እኮ ኣብ ዝባንካ ኢኻ ሐንጊርካዮን ሐዚልካዮን ዘለኻ።

ክቡር ኤርትራዊ ተንስእ ተበራበር!! ህድእ ኢልካ ሕሰብ ሃገር ከይተጥፍእ!! እቲ ተቓዋሚ'ዶ ደጋፊ ዝብል ናብ ሕድሕድካ ዘነጻጽርካዮ ብልሒ ኲናትካ ንመን ከም ዝወግእ ንመንከ ከምዘርብሕ ኣስተውዕሎ። ሐቢርካ ከአ ምሉእ ሐይልኻ ጠርኒፍካ ናብ ጸላእትኻ ኣዙሮ። ኣቱም እትመኽሩ ዓበይቲ ሽማግለታትን፣ ኣቱም እትጎዩ ጎርዞን ጎበዝን፣ ኣቱም ናብ ኣምላኽ ለይትን መዓልትን እትጽልዩ መሻይኽን ኣቕሽቲ ካህናትን ጸለይትን፣ ኣቱም ምሁራት ተፈላሰፍትን፣ ሃገርኩም ንምድሐን በብዘለኩም ሃየ ተለዓሉ ታሪኽ ስርሑ። ብሐዲሽ ንያትን ተስፋን ከአ ዳግማይ ትንሳኤ ኤርትራ ክዉንን ጋህዲን ንምግባር ሃየ ተለዓሉ ተበገሱ።

ብወገነይ ንዳግማይ ትንሳኤ ኤርትራ ከም መበገሲ ርእይቶ የገልግል ኢዩ ዝብሎ እንሆ:-

1- ንመላእ ኤርትራውያን ንምጥርናፍ ኣብ ሐደ ከአ ንምዕሳል፣ ንፖለቲካዊ ውድባት፣ ሲቪካዊ ማሕበራት፣ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳት፣ መንእሰያት፣ ሃይማኖታዊ መራሕቲ፣ ዓበይቲ ዓዲ፣ ምሁራትን ዘካተተ ካብ ሕሉፍ ተመኩሮ ዝወሰደ፣ ሰፊሕ ሃገራዊ ዋዕላ ዝካየደሉ መንገዲ ምርካብ።
2- ኣብዚ ሃገራዊ ዋዕላዚ ኩሉ ሽነኽ ዘለዎ ቅሬታን ቂምን ብግልጺ ብምውራድ፣ ንኡስ ናይ ሃገራዊ ዕርቅን ስኒትን መኣዲ መስርሕ ኮይኑ፣ ልቢ ንልቢ ተወሃሂቡ መበገስታ ሐዲሽ ምዕራፍ ክኸውን።
3- ነቲ ቅድሚ ሕጂ ጻዕርታት ዝተኻየደሉ ሰነዳት ዋዕላታት ኮነ ኮንፈረንሳት ከም ሐጋዚ ሰነድ ምቕራብ፣ ምሁራትን ፈላጣትን ዝቐረብዎ እንተሎ ከአ ዕድል ክውሃብ።
4- ኣብዚ ሃገራዊ ዋዕላዚ ኩሉ ተዛትዩ ዝመኸረሉን ዝተሰማማዓሉን መትከላት፣ እንኮን ሐደን መምርሒን መጠርነፊን ጉዕዞ ሃገራዊ ተቓውሞና ክኸውን ዋዕላ ከጽድቕ። ክሳብ ውድቀት ኢሳያስ ከአ ብኡ ጥራሕ ተቓውሞና ተማእኪሉ ክምራሕ ኣብ ስምምዕ ክበጽሕ።
5- ንድሕሪ ውድቀት ኢሳያስ ዘገልግለና ናብ ምሉእ ቅዋማዊት ኤርትራ ከአ ዘሰጋግረና፣ ሰነድ ብእግኡ ሕጂ ክዳሎ።

6- ካብዚ ሰፊሕ ሃገራዊ ዋዕላ'ዚ ንኹሉ መልክዕ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝውክልን ዘንጸባርቕን ሃገራዊ መሪሕነት ክቐውም። ንመንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ምሁራትን ከአ ምሉእ ተሳታፍነቶም ዘረጋግጸሎም ክኸውን።ናብ ሓዲሽ ወለዶ ዘሰጋግር ኣንፈትን መኣዝንን ዘትሕዝ ክኸውን።
7- ኩለን ፖለቲካዊ ውድባትን ምንቅስቓሳትን ውልቀ ውድባዊ ንጥፈታተን ኣደስኪለን፣ በቲ ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ዝጸደቐ መትከላትን፣ በቲ ዝቖመ መሪሕነትን ንኽምርሐ ምሉእ ፍቓደኛታት ክኾና። ምሉእ ሓይለን ከአ ንዕኡ ንምዕዛዝ እጃመን ከበርክታ።
8- ኣብ ኩሉ ዓለም ዝርከብ ህዝብና ከአ ቃልስና ብዝቐልጠፈ ንኽዕወት፣ ሓርነት ኤርትራ ከአ ንኽረጋገጽ፣ ምሉእ ድጋፉን ኣበርክቶኡን ክገብር፣ ኣብ ዘዘለዎ ህዝባዊ ስርርዓት ከካይድን፣ በቲ ካብ ሃገራዊ ዋዕላ ዝወጸ መሪሕነት ጥራሕ ዝውሃብ መምርሒ ኣብ ግብሪ ከውዕልን።
9- ነቲ ዝወጸ መሪሕነት ብዝለዓለ ዘመናዊ ስልጡን ኣመራርሐ መታን ክመርሕ፣ ካብ ኩሎም ኣካል ሕብረተሰብና ዝሳተፍዎ፣ ፖለቲካዊን ቁጠባውን፣ ናይ ወጻኢ ፖሊሲታት ኣጽኒዖምን ተመራሚሮምን ንውሳኔታት ሓጋዚ ዝኸውን ዝቕርቡ ናይ ምሁራን ሊቃውንቲ THINK TANK ትካል ብግቡእ ክቐውም።
10- ንመንእሰይ ወለዶ ኣብ ምምራሕ ሃገሩ ዝያዳ ቦታ ንምሃብን፣ ነቶም ገዳይም ተቓለስትን መራሕትን ዝኸውን ከአ ቑጠባዊ ሓገዝን ደገፍን ዝግበረሉ መጽናዕቲ ምክያድ። የጠቓልል።

ነዚ ርእይቶ'ዚ ብዝበለጸ ኣሃብቲሞም ከቕርብዎ ዝኽእሉ ለባማትን ሓያላትን ሊቃውንቲ ኤርትራ ከምዘለዉ ብምሉእ ልቢ እኣምን። በዚ ኣጋጣሚ ከአ ንኩሎም ዝነኣሱን ዝዓበዩን ሊቃውንቲ ሃገረይ እጃሞም ከበርክቱ ቅሩብነቶም ከአ ከርእዩ ብምሉእ ኣኽብሮት እጽውዕ።

ልዑላዊ ነጻነታ ዝዓቀበት ሓራ ኤርትራ ትንበር!!
ዝኽሪ ንኩሎም ሰማእታት ኤርትራ!
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንኤርትራን ህዝባን ይባርኽ!!!